# ፪ይ ሰንበት ዘአስተርእዮ

## ጥሪ 21   2015 ዓ.ም. (1/29/2023)

**መዝሙር፡** ወበፅሐ ዕለተ ወሊዶታ... ጊዜ ሕርሳ ምስ በጽሐ በኹሪ ወዳ ወለደት፥ ኣብቲ ማኅደር ኣጋይሽ ሥፍራ ስለ ዘይነበሮም ድማ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ። ኣብቲ ሃገር እቲ ብለይቲ ማሎም ኪሕልዉ ኣብ መሮር ዝኃድሩ ጓሶት ነበሩ፥ ክብሪ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያኦም ኣብርሀ፥እቲ መልኣኽ ድማ እንሆ ንኹሉ ሕዝቢ ዚኸውን ዓቢይ ሓጎስ ኣበሥረኩም ኣሎኹ እሞ ኣይትፍርሁ ምኽንያቱ ሎሚ መድኃኒ ክርስቶስ ጎይታ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊድልኩም ኣሎ በሎም፥ ጓሶት ንሓድሕዶም ነዚ ዝተገልጸልና ክዉን ነገር ክንርኢ ንዑናይ ናብ ቤተልሔም ንኺድ ተበሃሃሉ። ጊዜ ሕርሳ ምስ በጽሐ በኾሪ ወዳ ወለደት መጋረጃ ደመና ጋረዳ።

**ንባባት፡** ገላ 4፡1-11፥  2ዮሓ 1፡1-6፥ ግ.ሓ. 7፡30-35፥  ሉቃ 1፡46-56።

**ምስባክ፡** በከመ ሰማዕነ ከማሁ ርኢነ፥ በሃገረ እግዚኦ ኃያላን በሃገረ ኣምላኽነ እግዚኣብሔር ሣረራ ለዓለም። ኣብታ ኸተማ ጎይታ ሠራዊት ኣብታ ኸተማ ኣምላኽና ከምቲ ሰሚዕናዮ ዝነበርና ከምኡ ረኣና፥ ኣምላኽ ንዘለዓለም ኬጽንዓ እዩ (መዝ. 48፡ 8)።

ኣስተርእዮ ካብ 11 ጥሪ ክሳብ 30 ጥሪ ዘሎ ዕለታትን ሰምናትን ዝሓዘ እዩ። ኣብዘን ዕለታትን ሳምንትታትን ዝዝመር መዝሙር፥ ኣንሰሰወ፥ ተወልደ፥ ተጠምቀ፥ ከብካብ፥ ማይ፥ መርዓዊ ዝብሃሉ ኣለዉ። ዘመን ኣስተርእዮ ዝተባህለሉ ምኽንያት ጎይታናን መድኃኒናን ክርስቶስ ምስ ተጠምቀ ኣብ ኲላ እስራኤል እናዞረ ብምምሃሩ ስለ ዝተገልጸ ኣስተርእዮ ወይ ኤጲፋንያ ተባህለ፥ ትርጉሙ ኸኣ ተገልጸ ማለት እዩ። ብልምዲ 21 ጥሪ ከም ኣስተርእዮ ይርአ እንተ ኾነ እዚ ዕለት ብዓል ዕረፍታ ለእግዚእትነ ማርያም እዩ፥ ንኹሉ ድሕሪ ጥምቀት ክሳብ ጥሪ 30 ዘሎ  ኣመነ ዘአስተርእዮ ንብሎ።

እግዚኣብሔር ብዝተፈላለየ መገዲ ይግለጸልና። ኣምላኽ ንዝገልጸልና ርኢና ክንክእል እሞ ኣብቲ ንሱ ዝደልዮ ክንርከብ ዝሕግዘና እዋን ኢና ዘሎና። ኣብዚ ዘመነ ኣስተርእዮ ነቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ገሩ ዝተገልጸና ክነስተንትን ንኣምላኽ ዝደልዮ ክንገብር መብጽዓና እንሓድሰሉ እዋን እዩ። ኣምላኽ እታ ዝዓበየት ዝገለጸልና ፍቕሩ እዩ፥ ናቱ ኽገብረና ብመገዱ ክንጉዓዝ ብንጹር ዝሓበረና ኣምላኽ ክንሰምዖ ክነለልዮ እሞ ንኽልኦት ኣሕዋትና እውን ንግልጸት ኣምላኽ ክኣምኑ ክንሕግዞም እሺታና እንገልጸሉ ጊዜ ስለ ዝኾነ ንገላጺ ኣምላኽ ንለምኖ ሕጂ እውን ንተዓጽዩ ዘሎ ልብን ሕልናን ክኸፍት ድላይካን መገድኻን ግለጸልና ንበሎ።

ኣብ ናይ ሰንበቱ መዝሙር ነቲ ናይ ክርስቶስ ልደት መሰረት ገሩ ኣብኡ ዝገጠመ እናዘከረ ክነስተንትን የዘኻኽረና። ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ተወልደ በኾሪ ወዳ ከምዝኾነ ነቲ ኣብ ባህሊ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ ኣብ ግምት ኣእትዩ ከም ዘተኩረሉ ከምኡ ከም ማንም ሰብ ድኻ ኮይኑ ኣብ መብልዕ ማል ከም ዝተወልደ እዚ ኸኣ ትሕትናኡ ክገልጸልና ኢሉ ከም ዝበሎ ንርኢ። ነዚ ዓቢ ብስራት ልደት ኢየሱስ መጀመርያ ዝተበሰሩ የውሃት ጓሶት ከም ዝኾኑ እናነገረ ንሳቶም ከአ ነቲ ኣምላኽ ብመልኣኹ ዘሰበሰሮም ኣሚኖም ምስ ህያባቶም ከምዝበጽሕዎ ይነግረና።

ንውናይ ናብ ቤተልሔም ንኺድ ተበሃሃሉ ይብል ኣብቲ ኢየሱስ ምስ ማርያምን ዮሴፍን ሕፃን ከሎ ዝነበሮ ከድካ ምኽኣል የድሊ። ሎሚ ነዚ እንዝክር ኣብቲ ኢየሱስ ዝርከቦ ኩሉ ጊዜ ክንከይድ እሞ ጣዕሚ ፍቕሩን ሓልዮቱን ክነስተማቕር ከምዘሎና ክንሓስብ ኣሎና። ኣብቲ ማሕበር ክርስቶስ ሰንበት ሰንበት መስዋዕቲ ዝዓርገሉ ቦታ ክንከይድ ዕዱማት ኢና። ኢየሱስ ኣብዘለዎ እንተ ኸድና ጸጋ በረኸት ኣምላኽ ማለት ቃሉ ንሰምዕ ኣብ መኣዱ ንካፈል ምስኡ ሓደ ኮና ብበረኸት መሊእና ንቤትና ንመለስ። ሎሚ እውን ነዚ ክንዝክር ኣሎና።

ኣሶት ንኢየሱስ ርእዮም ምስተመልሱ ብዛዕባ እቲ ሕጻንን ዝተነግሮም ነገር ኣውረዩ ይብለና። እቶም ዝሰምዕዎም ዝነበሩ በቲ እቶም ኣሶት ዝነገርዎም ተገረሙ ይብለና፥ እቶም ኣሶት እውን እቲ ዝርኣይዎ ከምቲ ዝተንግሮምን ኮይኑ ስለ ዝረኸብዎ ስለቲ ዝሰምዕዎን ዝረኣይዎን ኹሉ ንኣምላኽ እናኣኽበሩን እናወደሱን ተመልሱ ይብለና ። በረኸት ኣምላኽ፥ ግልጸት ኣምላኽ ዝተቐበለ ወይ ዝረኣያ መጀመርያ ዝገብራ ይሕጎስ ድሕሪኡ ሓጎሱ ከካፍል ንስብከተ ወንጌል ምውፋር እዩ። ቀዳሞት ኣርድእቲ ኢየሱስ ምሉእ መዓልቲ ምስኡ ምስወዓሉ ኣብ ስብከተ ወንጌል ንካልኦት ኣብ ኢየሱስ ከምጽኡ ከም ዝተዋፈሩ (ዮሓ 1፡35-42) ይነግረና። ሎሚ ልደትን ጥምቀትን ኢየሱስ ዘብዓልና ግልጸቱ ኣሚና ዘብዓልና ተልእኮና ነሕዋትና ኣብ ኢየሱስ ከም ዝመጽኡ ምግባር እዩ። ሎሚ ዝልኣኹ ዘበስሩ መላእኽቲ ኣነን ንስኹምን ኢና። ንዝኣመናዮ ክነግር ንስብከተ ወንጌል ክንወፍር እንብገሰሉ ጊዜ ኢና ዘሎና። ሓወይ ሓፍተይ ኢየሱስ ክትሰምዖ ክትርእዮ እሞ ጸጋ ክዕድለካ ይዕድመካ/ኪ ኣሎ ኢልና መልእኽቲ ኣምላኽ ክነብጽሕ።

ጥሪ 21 ኣስተርእዮ ማርያም ዝበዓለሉ ፍሉይ ዕለት እዩ። ከም ባህሊ ሃገርና ማርያም ኣብ 64 ዕድሚኣ ሰንበት መዓልቲ ከም ዝዓረፈት ይንገር። ኣብ ጊዜ ዕረፍታ ኩሎም ሓዋርያት ከምዝነበሩ ይንገር። ኣብ ጊዜ ኣስትርእዮ ስለ ዝዓረፈት ኣስተርእዮ ማርያም ይብሃል። ሞትሰ ለመዋቲ ይደሉ ሞታ ለማርያም የኣጽብ ለኩሉ ይብላ ቅዱስ ያሬድ ኣብ ዜምኡ። ኣብ ካቶሊካዊ እምነትና ማርያም መይታ ኣይንብልን ኢና ንሰማይ ፈሊሳ ኢና እንብል ነዚ ዘብለና ኸኣ ማርያም ኣደ ክርስቶስ ስለ ዝኾነትን ምልእተ ጸጋ ስለ ዝኾነትን። ገለ መማህራን ትምህርተ መለኮት ኢየሱስ ስለ ዝሞተ ማርያም እውን መይታ ይብሉ። ቅዱስ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዮሓንስ ጳውሎስ ፪ይ ነዚ ሓሳብ ይድግፉ። ቤተ ክርስትያን ነዚ ንዝመራመሩ ክፉት ትሓድጎ። ነቲ ማርያም ከመይ ኢላ ሥግኣ ከም ዝተፈላለየ እያ ክፉት እትሓድጎ እምበር ብሥግኣን ብነፍሳን ንሰማይ ከምዝፈለሰት ዓምዲ እምነት እዩ።

ማርያም እታ ቀዳመይቲ ግልጸት ኣምላኽ ዝርኣየትን ዘስተማቐረትን ኣደ ኣምላኽ እያ። ሉቃስ ውንጌላዊ ነዚ ኽገልጽ እንከሎ ማርያም ግና ነዚ ነገር እዚ ኹሉ ኣብ ልባ ተዋህልሎን ትሓስቦን ነበረት (ሉቃ 2፡ 19) ይብለና። ንቃል ኣምላኽ ኣብ ልብና ክነሕድርን ክንሰምዖን ከሎና ኣብ ሕይወትና ርግኣት፥ ሰላምን ሓጎስን ኣሎ። ማርያም ኣብ ጉዕዞ ኩሉ ሰናይን ጥዑምን ሕይወት ነርዋ ክንብል ኣይንኽእልን ወዳ ካብ ልደቱ ክሳብ ኣብ መስቀል ሞቱ ዝተፈላለየ ዘጉህን ዘሳቕያን እያ ኣሕሊፋ፥ ሰባት ንወዳ ክጸርፍዎን ከዋርድዎን ንክኣልኩሉ ኣምላኽ ጋኒን ኣለዎ ሓለቓ ኣጋንንቲ ክብልዎ ክትሰምዕ እንከላ እሞ ኣብ መጨረሻ ብጨካን ሞት ኣብ መስቀል ሰቒሎም ክቀትልዎ ክትርኢ እንከላ ኣሽንኳ ንሓንቲ ወላዲት ንማንም ሰብ እውን ከቢድ እዩ፥ ግን ንሳ ፍጹም እምነት ኣብ ኣምላኽ ስለ ዝነበራ ብዝገጠማ ዕንቕፋት ፈተት ኣይበለትን እኳ ድኣ ምስ ወዳ ብመንፈስ ተሰዊኣ። ኣደ ክትኮነና ለበዋ ወዳ ተቐቢላ ረዳኢትና ኮይና ንረኽባ።

ኣስተርእዮ ማርያም እምብኣር ብፍሉይ ሕይወት ማርያምን ምስኣ ዘሎና ርክብ ክንሕድስን ክነደልድልን የዘኻኽረና። ማርያም እትመርሕን እተጻናንዕ ኣደ ክትኮና ባዕሉ ወዳ ዝሃበና ፍሉይቲ መንፈሳዊ ኣደና እያ። ጣዕሚ ወላዲት ክነስተማቕር እንተ ኸኣልና መጀመርያ እንምሃራ ፍቕሪ እያ። ኣደ ንውሉዳ ደጋጊማ እትገልጾ ፍቕራ ሓልዮታን እዩ። ሕይወታ ሕይወት ውሉዳ ስለ ዝኾነ ኩሉ ናታ ናይ ውሉዳ

እዩ። ሎሚ ነዛ ፈቃር ዝኾነት አደናን አብነትናን ዝኾነት ማርያም ካብአ ፍቕሪ አምላኽ ክንምሃር፥ ትርጉም መስቀልን ሞትን አለሊና አብ ጽንኩር እዋን እምነትና ክንገልጽ ክንጽዕር ከምዘሎና እንሓስበሉን መብጽዓና እንሕድሰሉን እዋን ኢና ዘሎና።

ወንጌል ሉቃስ ዝሰማዕናዮ ብዛዕባ ጸሎት ምስጋና ማርያም እዩ ዝነግር። እዚ ናይ ምስጋና ጸሎት ካብ ሓንቲ ማንም ገርሄኛ ጓል አብ ገጠር ዝተወልደት ክንሰምዖ ዘይንኽእል እዩ። እዚ ጸሎተ ምስጋና ድንገተኛ ናዕቢ ዘለዓዕል ብርቱዕ ፖሎቲካዊ ቃና ዘልኦ እዩ። በዚ እዩ አብ ሃገር ኮሎምብያ ደቡባዊ አመሪካ ከም ጸሎት እውን ከይዝከር ብመንግስቲ ተኸልኪሉ ምኽንያቱ ናዕቢ ዘለዓዕል ስለ ዝኾነ። ሉቃስ ከምዝብለና ማርያም ነቲ ካብ ኤልሳቤጥ ዘመዳ ዝሰምዓቶ ክትምልስ እንከላ ከም ዝበለቶ ይነግረና። ኤልሳቤጥ አደ ጎይታ ናባይ ክትመጺኽ እዚ ኻበይ ኮነለይ ኢላ አብ ዝገለጸቶ ዝተባህለ እዩ፥ እቲ ሓቂ ግን ብአንጻሩ እዩ ክብሃል ዝነበሮ ማለት ኤልሳቤጥ እያ መዝሙር ምስጋና ክትዝምር ዝነበራ።

እቲ መዝሙር ምስጋና ብዙሕ ናይ ሓጎስ ዝመልአ መዝሙር እዩ ነሩ፥ ምኽንያቱ ማርያም ነቲ አምላኽ ናይ እዛ ገርሄኛ ንእሽቶይ ጓል አብ ቅድሚ ዓለም ወላ ሓንቲ አፍልጦ ዘይነበራ አለልዩ ዘርአያ ተመስግን። ግን አብ ቅድሚ እግዚአብሔር ኩልና ብማዕረ ከም እንርአ ትገልጽ። አብ ቅድሚ አምላኽ ኩልና ዘሎና ሃብቲ ይኹን ድኽነት ዕድመና ዓለትና ብዘየገድስ ሓደ ኢና። ኩልና አምሳል አምላኽ ሕሩያት ፍጥረት ኢና። ሰባት ግን አብ መንጎና ዓሌት ሃይማኖት ትሕዝቶ ሃብትና ዕድመና ግምት ብምግባር ፍልልያት ንፈጥር እዚ ኸአ ንዓለም ዘይቅሱን ሕይወት ከምእትነብር ይገብራ።

ማርያም ጸሎት ምስጋንአ ነፍሰይ ንእግዚአብሔር ተዕብዮ መንፈሰይ ከአ ብአምላኸይ በቲ መድኀነይ ባህ ይብሎ እናበለት ጀሚራቶ። ድሕርዚ ነቲ አብዘ ዝተገብረ እናአስተንተነት ዝዓበየ ትንብት ትዛረብ። ውርደት ባርይኡ ርእዩ እዩ እሞ እንሆ ኻብ ሕጂ ኹሎም ወለዶ ብፅዕቲ ኽብሉኒ እዮም፥ እቲ ኹሉ ዚኽእል ዓበይቲ ነገራት ገሩለይ እዩ እሞ ስሙ ቅዱስ እዩ ትብል።

ብርግጽ ብፍሉይ ጸጋ ዝተባረኸት አደ አምላኽ አደ እቲ ሥጋና ዝለበሰ ክትከውን ብፍሉይ ዝተሓርየት ብምኺና ካብ ኩልና ፍጡራት ፍልይቲ እያ። ዕብየት ማርያም አምላኽ ብፍሉይ አብ ልዕሊአ ዓይኑ ዘውደቐላ ስለ ዝኾነት እያ። አኮቴት ቍርባን ናይ ማርያም፥ እግዚአብሄር አብ ኩሉ ጠመተ ግን ከማኺ ዝበለ አይረኸበን እናበለ ሕርየታ ፍሉይ ምኺኑ እናገለጸ ይውድሳ። እዚ ትንቢት ማርያም ካብቲ ዝተፈጸሞ ንላዕሊ ምኺኑ ሎሚ እውን ከም ኩሉ ጊዜ ሓቂ ምኺኑ ይግለጽ።

ማርያም ጸሎተ ምስጋንአ እናቀጸለት ንሳ ጥራሕ ከምዘይ ኮነት ምሕረት አምላኽ እትቐበል እንታይ ድአ አብልዕሊ ኩሎም ሕሩያቱ ከምዝወርድ እውን ትነግር፥ ከምዚ እናበለት ከአ ትገልጾ፥ ምሕረትውን አብቶም ዚፈርህዎ ንውሉድ ወለዶ እዩ። ብቕልጽሙ ኃይሊ ገበረ፥ ንዕቡያት ሓሳባት ልቦም በተነሎም፥ ንኃያላት ካብ ዝፋኖም አውረዶም፥ ንዝተዋረዱ ኸአ ልዕል አበሎም፥ ንጥሙያት ብበረኸት አጽገቦም ንሃብታማት ከአ ጥራይ ኢዶም ሰደዶም እናበለት ርክብ አምላኽ ከመይ ዝበለ ክኸውን ከምዘለዎ ትምህረና።

እግዚአብሔር ንነፍሲ ወከፍና ዝኸውን ፍሉይ ጸጋታት አለዎ። አብዛ እንነብራ ዓለም ድላይ አምላኽ ክወርድን ክፍጻምን እሞ ኩሉ ፍጡር ክሕጎስ ክቖስን እዩ ዝድለ። ሎሚ እውን አምላኽ ኩልና ናቱ ኮና ብሕጉን ትእዛዛቱን ክንምእዘዝ እሞ ሓቀና መንግስቲ አምላኽ አብ መንጎና ክነግስን ክርአን ናይ ኩልና እሽታ የድሊ። ማርያም እተስተምህረና ንጸጋ አምላክ ክንቅበል ክንአምን እሞ ንድላዩ ጽን ክንብል። ሰብ ምልአት ዝረክብ ከምቲ ቅ. አጎስጢኖስ ዝብለና ንአምላኽ ምስ ረኸበ ጥራሕ እዩ።

እዚ ጸሎተ ምስጋና ማርያም ምስቲ ኢየሱስ  ዘስተምሃሮ ዝሰማማዕ ምኻኑ ኣብ ወንጌል ብፍላይ ኣብ ሉቃስ ክነንብብ እንከሎና እንረኽቦ እዩ። ኣብ ወንጌል ከም እንረኽቦ ኢየሱስ ኣድህቦኡ ፍሉይ ቆላሕትኡ ኣብቶም ድኹማት፥ ድኻታትን ብሕብረተሰብ ዝተነጽጉን ዝተገለሉን ኃጢአተኛታትን እዩ ነሩ። ሓደ እዋን ኣነ ዝመጻእኩ ንኃጣን ናብ ንሳ ክጽውዕ እምበር ንጻድቃን ክጽውዕ ኣይመጻእኩን (ሉቃ 5፥32) እናበለ ባዕሉ ነጊሩና።

ማርያም ኣደ ጽጉማትን ኣብኦ ዕቑባ ዝደልዩን እያ። ኣብ ባህልና ሓገዝ ማርያም ኣብ ዝደለናሉ ብፍላይ ኣደታት እዚ ኹሉ ኣበይ ዝበለ ኣብ እኖይ ማርያም ምሕረት ዝደለ እእናበለ ይፍልያ። ሎሚ ከም ሎሚ ምሕረት ወዳ የድልየና ኣሎ። ዓለም ብዕለሙ ኣብ ጸልማት እዩ ዝነብር ዘሎ። ውግእን ወረ ውግእን ንልብና ሰሊብዎ፥ ዓመጽ ግፍዒ ኣብ ኩሉ በዚሑ ናይ ማርያም መንጎኝነት የድልየና ኣሎ።

ካብዚ ጸሎተ ምስጋና ማርያም እንምሃሮ ምስ ማርያም ኮና ክንሕጎስ ምኽንያቱ ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ዓበይቲ ነገራት ገሩልና እዩ። ሰብ ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ጸጋ ክርኢ እንተ ኽኢሉ ቀልጢፉ ኣብ ምስጋና እዩ ዝኸይድ። ንዝተዋህበና ጸጋ ስለ ዘይንርኢ ኩሉ ጊዜ ኣብ ዘይምቕሳንን ጭንቀትን ክንጉሂ ንነብር። ኣብርእስና ምልስ ኢልና ክንርኢ እንተ ኽእልና ብጸጋ ኣምላኽ ክንደይ ፈተናን ጸበባን ዝሓለፍና ኢና። ብፍላይ ንሕና ኣብ ወጻኢ እንነብር ንድሕሪት ግልጽ ኢልና እንተ ርኢ ክቢድ ፈተና ዝሓለፍና ኢና። ስለዚ ሕጂ ጊዜ ወሲድና ነዚ ኣምላኽ ዝገበረልና እናረኣና መዝሙር ምስጋና ክነቕርብ ይግብኣና።

እግዚኣብሔር ዝህበና ዝተፈላለየ ጸጋታት ንብሕትና ክንሕጎሰሎም ኣይኮኑን። ነቲ ኣምላኽ ዝሃበና ጸጋ ምስ ኩሎም ክንካፈል እዩ ዝደልየና። ነቲ ኣነ ዝገበርኩልኩም ነቲ ኣነ ዝበልኩኹም ንኹሎም ንገርዎም እናበለ ተላብዩና እዩ። ኣብዚ ዕለት እምብኣር ነቲ ኣምላኽ ኩሉ ካብ ነፍሲ ወከፍና ዝደልዮ ኣለሊና ክንፈልጥ እሞ ኣብ ኩሉ ከምዝበጽሕ ክንገብር።

ኦማርያም ካብ መጀመርያ ንድላይ ኣምላኽ ሕራይ ዝበልኪ ኣሰርኪ ስዕብና ንድላይ ኣምላኽ ኣብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ሕራይ ክንብል ለምንልና ንበላ። ኦ ኣስተርእዮ ማርያም ነዛ ሓላፊት ዓለም ሓዲግና ንሰማይ ዝኸውን ሰናይ ነገር ክንሓስብ ሓግዝና ንበላ።

ብሩኽ ብዓል ኣስተርእዮ ማርያም ንኹልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።